# ምዕራፍ ፲፫

## ኣብነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምኽታል ናይ ትሑት ሰብ ተኣዝዞ ከምዝኾነ

፩፥ ቃል ጐይታና ወደይ መዓረይ! እቲ ካብ ተኣዝዞ ኬምልጥ ዘዕገርግር ጸጋውን ተምልጠ እያ። እቲ ሕልፊ ካልኦት ኪኅዝ ዚደሊ፥ እቲ ካልኦት ኵሎም ብማኅበር ዝረኽቡዎ እውን ይስእኖ እዩ።

፪፥ እቲ ተሓጒሱ ብፍቓዱ ነሕልቚ ዘይግዛእ ንሥጋኡ ኣብ ቊጽጽሩ ከምዘይመለሳን ብዙኅ ጊዜ ምዕጋት ከም እትኣብዮን ከምእትጻብኦን ዘመልክት እዩ።

፫፥ እምበኣርከስ ንሥጋኻ ክትገዝእ እንተደሊኻ ነሕሉቕ ምእዛዝ ተላመድ።

፬፥ ሰብ ንውሽጣዊ ጸላኢኡ ኬሸንፍ እንተድኣ ኪኢሉ ነቲ ብወጻኢ ዝመጽ'ውን ኣይሓምቀሉን እዩ።

፭፥ ምስ መንፈስካ እንተዘይተሰማሚዕካ ንርእሰኻ ካባኻ ዘሕስርን ዝኸፍእን ጸላኢ ሓደ'ኳ የብልካን።



፮፥ ንሥጋን ደምን ክትዕወተሎም እንተደሊኻ ንርእሰኻ ፈጺምካ ክትንዕቕ ይግብኣካ።

፯፥ ክሳዕ ሕጂ ንርእሰኻ ብዘይግባእ ኢኻ እትፈቱ ዘሎኻ፥ በዚ ምኽንያት እዚ ኢኻ'ውን ፍቓድ ካልኦት ምግባርን ብተኣዝዞ ምንባርን ዝጽግመካ ዘሎ።

፰፥ ኣነ ኵሉ ነገር ካብዘየሎ ዝፈጠርኩ ከሃሌ ኵሉን ልዑልን እንከሎኹ ምእንታኻ ምእንቲ ሰብ ርእሰይ ኣዋረድኩ። ንስኻ ግና መሬትን ኢምንትን እንከሎኻ ምእንቲ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኣብ ትሕቲ ሰብ ብተኣዝዞ ምንባር ከመይ ኮይኑ ይጽግመካ?

፱፥ ብውርደት ንትዕቢትካ ምእንቲ ከሸንፍ ካብ ኵሎም ዝተዋረድኩን ዝተናዓቕኩን ኮንኩ።

፲፥ ንስኻ ኣንታ መሬት ተኣዝዞ ተላመድ። ንስኻ ኣንታ ሓመድን ጭቃን ርእሰኻ ምትሓት ተመሃር፥ ኣብ እግሪ ኵሎም ምጕንባስ'ውን ተላመድ።

፲፩፥ ንድላይካ ምሽናፍ ተመሃር። ብኵሉ ኣብ ትሕቲ ካልኦት ምኧን'ውን ተላመድ።

፲፪፥ ንነፍስኻ ኰርየላ፥ ኵላቶም ከም ጭቃ ደምበ ክሳዕ ዝረግጹኻ ትሑትን ዝተዋረድካን ኰይንካ ተረኤ እምበር ኣብኻ ትዕቢት ዝብልዎ ከይርኤ ተጠንቀቕ።

፲፫፥ ኣንታ ከንቱ ዝኾንካ ሰብ እተጕረምርመሉ ዘመክሕ እንታይ ኣሎካ?

፲፬፥ ኣንታ ርኹስ ኃጢኣተይና፥ ንስኻ ክንደይ ጊዜ ንእግዚኣብሔር ዘይበደልካዮ፥ ክንደይ ብዙኅ ጊዜ ገሃነም እሳት ክትወርድ ዘይተገብኣካ፥ ሕጂ ነቶም ብኃጢኣትካ ዝወቕሱኻ ሰባት ከመይ ኢልካ ኢኻ እትከራኸሮም ዘሎኻ?

፲፭፥ እንተኾነ ነፍስኻ ኣብ ቅድመይ ክብርቲ ስለዝኾነት እቲ ኵሉ ዝገበርኩልካ ግብረ ሠናይ ወትሩ እናዘከርካ ፍቕረይ ምእንቲ ክትፈልጥ ወትሩ'ውን በቲ ዝገበርኩልካ ሞሳ ምእንቲ ክትመልስን፥ ኣብ ትሕቲ ሰበሥልጣን ድማ ብትሑት ተኣዝዞ ክትነብርን ንውርደትካ ብትዕግሥቲ ክትጽመምን ኣዒንተይ ብርሕራሔ ይጥምታኻ ኣለዋ።